ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

The Government of Regional National State of Tigrai

ቢሮ ሓበሬታ

Bureau of Information

ዕለት ቑፅሪ _______________

Date__05/0/2001_____ Ref. No_______________

---

**ፀረ ሰላም ቅዋም መንግስቲ ኢሳያስ ክሳብ መዓዝ ?**

ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት መሪር ቓናት ናፅነታ ክትረክብ ኪኢላ እያ ።ነዚ ነፅነት ድማ ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቑፀሩ ህይወት ተገቢሩዎ ፤ብኣሻሓት ዝቑፀሩ ድማ ኣካለ ስንኩላት ኮይኖም፤ማእለያ ዘይብሉ ንብረትን ሃፍትን ዓንዩ እዩ። ኤርትራ ካብ ጭቕናን ወፅዓን ምስተላቐቐት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ሓዳስ ምዕባልቲ ፣ሰላም፣ራህዋ፣ቅሳነትን ዴሞክራሲን ዝዓሰላ ሃገር ክትከውን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ድልየትን ባህግን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ መላእ ደለይቲ ሰላም ህዝቢ ዓለምን ብፍላይ ድማ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድሌትን ብህጊን እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ሓው ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣሳሰሮ ብዙሕ ነገራት ኣለዎ።ኣብ ክሊ ዙይ ድማ ዕብየትን ምዕባለን ኤርትራ ንኢትዮጵያውን ኣውንታዊ ፅልዋ ስለዝህልዎ እዩ።

" ቀሲነ ክሓድረስ ጎረበተይ ይቕሰን" ከምዝባሃል ሰላም ዋላ ንሓንቲ መዓልቲውን እንተኾነ ኣብ ኤርትራ ክንደል የብሉን ኢልና ንኣምን ። ህዝቢ ኤርትራ ህርኩት፣ደረዕ ባርነት ዘይስከም ውፉይ ህዝቢ ስለዝኾነ ነዚ ምዕቡል ባህሊ ዚያዳ ብምሕያል ሰላም ረኺቡ ልምዓታዊን ዴሞክራሲዊን ስትራተጅታት ብምሕንፃፅን ብምትግባርን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ተሳኒኻን ሰላም ፈጢርካን ረብሓ ኤርትራውያን ክረጋገፅ ምተኻኣለ ነይሩ። ይኹን'ምበር"ላሕሚ ሓዊ ወለደት ከይትልሕሶ ነደደት ከይትገድፎ ወለደት"ከምዝተባሃለ ኮይኑ ብሩህ ተሰፋ ኤርትራውያንን ፈተውቲ ኤርትራን ብሰንኪ ስርዓት ኢሳያስ ተኀቢጡን ቅሂሙን ይርከብ። ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ተሳኒካ ምንባርን ምስራሕን ሰላምን ልምዓትን ጎረባብቲ ሃገራት ሕማም ርእሲ ዝኾኖ ስርዓት ኢሳያሰ ብዶብ ዘይራኸቦም ህዝብታት ከይተረፈ ምሕማሰ ዕለታዊ ስራሑ ገይርዎ ይርከብ።መራሕቲ ህግዴፍ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ፅባሕ ነፃነት ጀሚሩ ምስ ኣሕዋት ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን ኣናቖሮምዎ እዮም። ምስ የመን ፣ሱዳን ፣ጁብቲ፣ ኢትዮጵያን ምኽንያት ዶብ ብምግባር ናብ ዘየድሊ ጎንፂ ክኣትው ገይርዎ እዩ። ኣብ ሶማልያ ናይ ኣሸበርቲ ተግባራት ብምፍፃም ብማተርያልን ብሓይሊ ሰብን ከይተረፈ ጣልቃ ብምእታው ቀፀልነት ዘለዎ ፀረ ሰላምን ራዕድን ተግባራት ኣብ ምውዳድ ምክያድን ይርከብ ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ህዝቢ ዓለም ንሰላም፣ንልምዓት፣ንዴሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን እንትዝምር ስርዓት ኢሳያስ

ግና ብግልባጡ ከም ዝዓበደ ከልቢ ኣብ ምንኻስን ምትንኻፋትን ምውፋር ዕለታዊ ስርሑ ገይርዎ ይርከብ።ነዚ ኩነታት ዝተረደኣ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ንዝፈትዋን ዝገበረላን መተካእታ ዘይብላ ሃገሩ ገዲፉ እንተስ ኣብ መንገዲ ክተርፍ ወይ ዕድለኛ ኮይኑ ክወፅእ ብዓይኒ ዕሙተይ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ትሕቲ ከቢድ ውሳነ ኮይኑ ይውሕዝ ኣሎ።ብሓፈሽኡ ህዝቢ ኤርትራ ወግሐ-ፀብሐ ተቀባሊ ከርፋሕ ስደት ከርተትን ማእላያ ዘይብሉ ግፍዕን ኮይኑ ይርከብ።

ስርዓት መንግስቲ ኢሳያስ በቲ ዘሰጉሞ ዘሎ ስርዓት ኣልቦ ምሕደራ ኣብ ዓለምና ህንፃ/ሕገ መንግስትን/ ነፃ ስርዓት ፕሬስን/ውልቀ ሚድያ /ዘይበላ ብሕታዊት ሃገር ገይሩዋ ይርከብ።እቲ ዘሕዝን ድማ ኤርትራ ካብ ዓለም ለኻዊ ኣህጉራዊን ዞባዊን ትካላት ኣግሊሉዋን ናይ ፀረ-ሰላምን ፀረ-ዴሞክራስን መርኣያ ደሴት ገይሩዋን እዩ።ዓለም ለኻዊ መትከላት ብምጥሓስ ተስፋ ብዝቆረፀ ኣገባብ ምስ ኣሸበርትን መሻርኽቶምን ስጡም ዝምድና ብምፍጣር ብምስልጣንን ሎጅስቲካዊ ሓገዝ ብምውካስን ቀንዲ ደጋፊ ሓይሊ ኮይኑ የገልግል ኣሎ።ንሕቡራት መንግስቲታት፣ ሕብረት ኣፍሪካን ኢጋድን ዘይተግባሮምን ዕላማኦምን ብምፅላም ካብ ሓደ መንግስቲ ብዘይሕሎ ኢ-ሞራላዊ ፅያፍ መግለፂ ምሃብ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዓለም ዘሕፍር ተግባር ምፍፃሙ ዘተዓዛዝብ ኮይኑ ኣሎ።።እዚ ድማ ኣብታ ሃገር ከይዲ ዲፕሎማሲያዊ ስርዓት ከም ዝለመሰን ከምዘየለን ዘመላኽት እዩ።

ፕሬዚዳንት ኢሳያስ ምስ ኢትዮድያን ሪቪው ዝተባሃለ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ ምልልሰ `ንሕና ንናይ ኢትዮድያ ሓድነት ንቃለስ ኢና፤ሓያልን ሓድነታ ዝጠንከረት ኢትዮድያ ኣብ ቀረኒ ኣፍሪካ ክትህልው ድልየትና እዩ።"ኢሎም ።እዚ ስብከት እዚ ዝብእስያ ኣብ ዘይፈልጦ ዓዲ ከይዱ ቆርበት ኣን ፅፉለይ በለ ዝባሃል ኢትዮድያ ንምፍርራስ ህዝቢ ኦሮሞን ኦጋዴንን ንምግንፃልን ተፈጠሩ ዘሎ ሰላምን ልምዓትን ሓድነት ብሄራትን በሄረሰባትን ህዝብታትን ንምዝራግን ሾናት ምስ ዝኣወጁ ኦነግን ኦብነግን ኣብ ልዕል ኢትዮድያ ጀሃድ ዝኣወጁ ሙጃሃይድን ሶማልያውያን ራዕደኛታት ጎኒ ተሰሊፉ ብምስልጣን ብምዕጣቕን ሓይሊ ሰብ ብምውፋር ዝላሓሓፅ ዘሎ ኢሳያስዶ ኣይኮነን?

ብምቕፃል ድማ ምስ ኣል ኣሻርቅ ዓወሳት ዝተባሃለ ግንቦት 24/2009 ኣብ ዝገበርዎ ቃለ ምልልስ `ብዝኾነ መንገዲ ድሕሪ ውሳነ ዶብ እውን እንተኾነ ምስ ኢትዮድያ ልዝብ ሰላም /dialogue/ኣይንገብርን ኢሎም።እዚ ኣንደበት መላኺ ኢሳያስ ዝተለመደ ተግባርን ባህርን እዩ' ።ብልዝብ ንሰላም ዘይኣምን መንግስቲ ኢሳያስ ብሾናትን ብዕግርግርን ናይ ምንባር ድሌትን ባህግን እቲ ስርዓትን ዕድመ ስልጣን ህግደፋውያን ንምንዋሕ ዘሰጉሞ ዘሎ ካብ ደሴት ሓነሽ ክሳብ ሶማልያ ንዘሎ ተግባራቶም ብምርኣይ ክድምደም ዝካኣል እዩ።

ሓደ ሐቂ ግና ኣሎ።ዋላ ስርዓት ኢሳያስ ደስ ኣይበሎ ህዝብታት ክልቲኤን ሃገራት ዝፃብኡ ኣኮኑን።የግዳስ ክልቲኡ ሓው ህዝቢ ኢትዮድያን ኤርትራን በቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ዝወረዶ ግፍዕን ገዲፎምዎ ዝሓለፉ

በሰላን ድሕረትን ድኽነትን ብምውጋድ ናብ ዝሓሸ ሓዱሽ ምዕባለ ዝስጎመሉ ኣንፈት ምሕባርን ዝሓለፈ ይኣኽለና ኢልካ ናብ ሓዱሽ ናይ ምሕዝነት ምዕራፍ ምስግጋሩ ኣይተርፍን።ዓለምና ኣብ ሓደ ቡኽራ ኣብ ዘላትሉ እዋን ንበይንኻ ተገሊልካ ምንባር ብዝበለፀ ተጎዳኢ ህዝቢ ኤርትራ'ምበር መንግስቲ ኤርትራ ኣይኮነን።ይሕፀር ይንዋሕ በዘየገድስ ክልቲኡ ሓው ህዝቢ ዝነበሮ ዝምድናታት ብምሕያል ወይ ድማ ናብ ዝሓሸን ብርኪ ብምስግጋር ኣብ ምትሕልላይን ምድግጋፍን ዝተደረኸ ርክብ ምፍጣር ሰናይ ድልየት መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ ትግራይ እዩ።ናይዚ መቐፀልታ ድማ መንግሰቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ እዋን ምስ ሃገራዊ ደሕንነት ብዝተተሓሓዘ ካብ ኢትዮጵያ ዝወፁ ኤርትራውያን ገዲፎምዎ ዝኸዱ ሃፍትን ንብረትን ንክምለሰሎምን ኣብ ዘፈር ንግድን ኢንቨስትመንትን ንክዋፈሩ ዝገብር መምርሒ ምውፅኡ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ መንግስቲ ኢሳያስ ፈልዩ ናይ ምርኣይ ባህሪ ስለዘለዎ እዩ።ናዚ ውፂኢትውን ንኽልቲኡ ህዝብታት ኣብ ምቅርራብ ዝላዓለ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።ኢሳያስን ስርዓቱን ንፀረ ህዝቢተግባራት መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ንፅቡቕ ዝምድና ክልቲኡ ህዝብታት ምስርሖም ክቕፅሉ እዮም።

ሰላም ልምዓትን ፍቕርን ንክልቲኡ ህዝቢ!!


**መቐለ ትግራይ ኢትዮጵያ** ✉ 477 Mekelle Tigrai Ethiopia

Head Offic ☎(03) 40-07-69

ፋክስ/ Fax ( 03)-40-84-06

E. Mile :info@tigrai-info.com


ጺ/D/Letterhead(MG)


ራእይ ብ/ክ/መ/ትግራይ

"ዝተመሓየሸ መነባብሮ፣ ዝለዓለ ብርኪ ትምህርትን ቴክኖሎጂን ዝወነነ ሕ/ሰብ ፣ ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተመስረተ ዲሞ/ሲ፣ ሰላምን ሰናይ ምም/ርን ዝነገሰላ፣ ምዕቡልን ተዋዳዳራይን ዝኾነ ማእኸላይ እቶት ዘለወን ሃገራት ዘረጋገፀአ ብርኪ ዕብየት ኢኮኖሚ ዝበፀሐት ትግራይ ምርኣይ።"